ዕለት:- 02-09-2017



ሰይጣን'ሲ: መጠጠዊ ዝኸውን ድስቲ ይሰርሕ'ሞ:
መኽደን ይርስዕ!!!
ማዕከን ጥፍኣት መንጠሊና ኣባ ሙሴ ዘርኣይ: ኣብ ኣደባብይ እንክቕላዕ!!!

መእተዊ:-

እንቕርቦ ዘለና ጽሑፋት: ኣብ ምርድኡን ክውንነት ፈጽምታቱ ኣብ ምንጻርን: ብህድኣት ክትከታተሉና እንዳተሓሳሰብና: ነዛ ሰረተ እምነት ህላዌኣ ኣብ ደምን ዓጽምን ሰማእታት ምኳኑ ብምርግጋጽ: ብመጠን ዝኸፈለቶ መስዋእቲ ዋጋ ሓንቲ ስድሪ መሬት ኤርትራ: ዋሕዚ ጠሊ ደም ሓደ ስዉእ ከም እትሓትት ብምግንዛብ: ኣብ'ዛ ከም ሃገር ሃገራት ዘይኮነስ: ከም ሃገር ሰማእታት ብሕድሪ ናይ ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ዝጸንዐት ሃገርን: ጸኒዑ ዘጽነዐ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ደው ብምባል: ንቀጻልነት ህልዌ ዝተሓልፈን: ዝሕለፍ ዘሎ ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ተጻብኦታት ዘሰከመና ግዝያዊ ናይ ህርፋን ጨረርታ ዘይኮነስ: ነባሪ ናይ ሰማእታትና ሕድሪ ኣብ'ዛ ሃገር ሰማእታትን ምድረ ገነት ስውኣትን ዝኾነት ሃገረ ኤርትራ: ንእተሰከምናዮ ዘይበታተኽ ነባሪ ረዚን ሕድሪ ሰማእታትና ንቐጻሊ ወለዶ ንምርካብ ኢዩ:: ምኽንያቱ እታ መሬት: መሬት ሃገረ ኤርትራ ልኡላውነታ ዝሓለወትን ዝተኸብረትን ዘይትድፈር ንዘለ-ኣለም ነባሪትን ህልውትን ኢያ:: ትማሊ: ሎሚ ኣይኮነትን:: ወዲ ሰብ ሓላፋይ ኢዩ:: ታሪኽ ግን: ነባሪ ኢዩ!!!


ሰላም ከመይ ቀኒኹም! ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍና: ካብ'ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ብዝበለ: ነቲ ትማሊ ዝሓለፍናዮ ብሎሚ ክንምለሶ ክንትልም እንክለና: ንጽባሕ ክንከዶ ንዘለና ምረሻ: ቅድሜና ንእንበጽሖ ዒላማ ብምንጻር ኢዩ::

ዶ. ዮሱፍ ብርሃኑ　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　ጸጋይ ዮውሃንስ

ንመጀመርታ እዋን: ኣብ ዕለት 04 ወርሒ 11 ዓመት 2012: ኣብ መርበባት ሓበሬታ ክንቅልቀል እንክለና ኣቕርብናዮ ዝነበርና ዛዕባ:- "ህዝቢ ኤርትራ: ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ ሽርሒታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን: ስንክሳር ማሕለኻታቱን!!!" ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ህዝብና ክንቀርብ እንክለና: ቅድሚ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ክንስጉም ንዘይ ምድላይ በቲ ሓደ ሸነኽ: በቲ ሓደ መዳይ ከኣ: መንግስቲ ኤርትራ ንዝኽተሎ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ንዘይምግጫውን ምትእትታውን ክንብል: ኣብ እዋኑ መንግስቲ ቑጠር ኣብ ልዕሊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኤርትራ ጣልቃ ብምእታው: መንግስቲ ናይ ምቕያር መደብ ከም ዝነበሮን: ነቲ ዝወጠኖ ስትራተጂ ንምትግባር ከኣ: ኣብ ውሽጢ ሃገርን: ኣብ ደገን ሃይማኖታዊ ምትእኽኻብን: ናይ ጥሩፋት ምሽብሻብን ብምውዳብ: ሓደ ዝዓምቦኽ ምንቅስቓስ ንምክያድ: ካብቶም ብስም ሃገራዊ ባይቶ ዝተኣኻኸቡ ጥሩፋት ብፍሉይ ዕድመ ናብ ቑጠር ብምዕዳም: ሚስጥራዊ ኣኼባ ብምክያድ: ብዘይ ኣፍልጦ ኣቦ ወንበር ባይቶ ኣቶ ጸጋይ ዮውሃንስ: ዶክተር ዮሱፍ ብርሃኑ ዝርከቦም


ዓብደላ ጃብር　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　　ዓሊ ዓብዱ

ጥሩፋት: ካብ ምትእኽኻብ ሃገራዊ ባይቶን: ወጻኢ ካብ'ቲ ባይቶን ጥራይ ዘይኮነ: ንገለ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ዝነበሩ ሚኒስተር ዜና ነበር ዓሊ ዓብዱ ኣሕመድ ዮኑስ: ኣማሓዳሪ ዞባ ነበር ሙስጠፋ ኑርሑሴን ሓላፊ ውዳቤን ምንቕቓሕን ህግደፍ ነበር ዓብደላ ጃብር ብምውዳብ: መንግስቲ ንምግልባጥ ኣብ መደብ ከም ዘለዉ ጥራይ ዘይኮነ: ስርዓት ጃንዳ ወያነ 'ውን ኣብ በልጅም ሚስጥራዊ ኣኼባ ብምክያድ: ኣብ ክልተ ዓበይቲ ኮኾባት ኤርትራ: ሓደ ሚስጥራዊ ስርሒት ንምክያድ ኣብ መደብ ከም ዘለዉ ዘቃልዐ ጽሑፍ ኣቕሪብና ምንባርና: ንድሕሪት ተመሊስና ክነውክእ እንክለና:

ኣብ እዋኑ ኣብ ዝርዝራቱ ኣቲና: ነቲ ናይ ዕለት 21 ጥሪ 2013 ጥሩፋዊ ምንባሩ: ምስናይ ዝርዝራቱ ናብ ህዝቢ ንምግላጽ ጠፉኡና ዘይኮነ: ከም'ቲ:- "ግዜ ሪኢኻ ሕለበኒ!" በለት ላም ዝተባህለ: ውድዓዊ ኩነታት ክሳብ ዝበስል: ሓበሬታና ኣብ እዋኑ ንምድሓን ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ዘተኮረ ኢዩ ነይሩ:: እነሆ ኸኣ ሎሚ ውድዓዊ ኩነታት በሲሉ: መንግስቲ ቐጠር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝነበሮ መርገጽ እንታይ ምንባሩ: ሎሚ ጸለለታኡ ጸብሊሉ ተቓሊዒሉ ኣብ ዘሎ እዋን: ዝርዝራት ሓቅታቱ ብሰፊሕ ክንገልጾ 'ኳ መደብ እንተሃለወና: ንድሕሪት ተመሊስኩም ነቲ:- "ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ ሽርሕታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን: ስንክሳር ማሕለኻታቱን" ናብ መርበባት ሓበሬታ:- መስከረም: ተስፋ-ኒውስ: ደሃይ: ራይሞክ: ኣዳል ኣቲኹም ከተንብብዎ እንዳተወከስና: ከም'ቲ ገዳይም በሃር ድምጻውያን:- "ሓቂ! ሚዛን ኢኺ ወርቂ!!!" ክብሉ ዘዜሙዎ: ሓቂ! ናይ ብሓቂ ሚዛን ኢያ ወርቂ!!!

ሙሴ ዘርኣይ



ሕጂ 'ውን: ከም'ቲ ደጋጊምና ኣብ ጽሑፍና ዘቕረብናዮ: ናይ ትማሊ ሄሮ! ናይ ሎሚ ዜሮ! ኣባ ሙሴ ዘርኣይ: ኣብ ፍልሰት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ-ሰባት ዝነበሮ ሱታፌን: ተሓባበርቱ ዝኾኑ ትካላትን: ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኢና በሃልቲ: ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ መሰል ኤልሳ ጭሩምን: ጋዜጤኛ ኢየ በሃሊት መሮን እስቲፋኖስን: ወጻእተኛታት ተሓባበርቶምን እንታይ ተራ ከም ዝነበሮም: ኣብ'ቲ:- "ኤልሳ ጭሩምን: መሮን እስቲፋኖስን: ኣባ ሙሴ ዘርኣይን: ንግባብ ደም የማናይ ኢዶም: ኣብ ኤርትራ!!!" ብዝብል



ኣርእስትን: "መዝገብ ኣባላት ኣትማን ውሻጣ: ጸብርን ቀብርን መኻይድቲ ኣይኮነን!!!" ኢልና ዝዘርጋሕናዮ ጽሑፋትና ብዝርዝር ዘቕመጥናዮም ሓቅታት: ሎሚ እዋን ኣርኪብዎም ከም ጸሓይ ብርሃን ኣብ ገጽና ክደግሑና እንክለዉ: "ሓቂ! ሚዛን ኢያ ወርቂ!!!" ኢና እንብል:: ስለ ዝኾነ ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፍና 'ውን: ኣብ ዝርዝራዊ ምቅላዕ ሕጋዊ መርመራዊ ክሲ ኣባ ሙሴ ዘርኣይን: መቐጸልታ ሕጋዊ መርመራዊ ክስታት ተሓባበርቱ ኤልሳ ጭሩምን መሮን እስቲፋኖስን: ሰዓብቶም ወጻእተኛታትን ብተኸታታሊ ከነቕርብ ኢና::

ሓካይም ብዘይ ዶብ




ናይ ካታንያ ኣኽባር-ሕጊ: ኣብ ልዕሊ ኣሸገርቲ ዝኾኑ: ብዙሕ ናይ ገንዘብ ደገፍ ዝግብረሎም: መዕረፊ መጽንሒ ቦታትን ጥርኑፍ ጉጅለ ኣሰጋገርትን ኣዘዋወርትን: ናይ ቴሌፎናት ጸዋዒታት ዝውድቡን: ዝቕበሉን ዘቐብሉን: ናይ መግብን ክዳውንትን ኣቕርቦት ዘካይዱ ኣካላት: ፖሊስ ጣልቃ ክኣትው ኣለዎ:: ኣብ ዝሓለፈ ዓመት: 181.000 (ሚእትን ሰማንያን ሓደን ሽሕ) ስደተኛታት ዝመጽሉ እዋን ኢዩ ነይሩ:: ኣብ'ዚ ዓመት እንተወሓደ:- 250000 (ክልተ ሚእትን ሓሙሳን ሽሕ) ስደተኛታት ክሰግሩ ምኻኖም ኢዩ ዝግመት: ኣብ ስዊዘርላንድ ዝመደበሩ ሓካይም ብዘይዶብ ዝተባህለ ትካል ንባዕሉ: ምስ'ዚ ዘይሕጋዊ ጉጅለ ጥቡቕ ናይ ስራሕ ዝምድና ከም ዘለዎ ኢዩ ብወግዒ ገሊጹ ዘሎ:: ትካል ህጻናት ኣድሕን 'ውን እንተኾነ: ንጥፈታቱ ምስ'ዚ ናይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ኣካል ኢዱ ሓዊሱ ኢዩ ዘሎ:: ዶብ ኣልቦ ጋዜጤኛታት ብወገኑ: ነቶም ነዚ ጉዳይ እዚ ብዘይ ዕረፍቲ ዘንበድብዱ ውልቀ ፈነወ መደበራት ራድዮን: ብዶብ ኣልቦ ጋዜጤኛታት ዝምእከላ መደበራት ፈነወ ራድዮን: ከም ኣካል ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን: ድሕነት ፍልሰት ስደተኛታትን ብዝብል ጉልባብ ንዝፍኖ መደባት ንምክያድ: ብግብሪ ዝዋሳእ ምኻኑን: ኣካል ምክልኻል ናይ'ቲ ፍጻመን ምኻኑ: ብተደጋጋሚ ኣነጺሩ ኢዩ:: እዚ ጉጅለ እዚ: ብጀካ እተን ዝጥቀመለን ሓሙሽተ ዝበጽሓ: ብዘይመንግስታውያን ማሕበራት

ዝውንና ዓበይቲ መራኽብ: ክሳብ ዓሰርተ ዝኾና ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ድሮናትን: 6 ሄሊኮፕተራትን ዝውንን ገዚፍ ጉጅለ ኢዩ:: ፖሊስ ከኣ መርመራኡ ክቕጽሎ ኣለዎ ክብል ኢዩ ገሊጹ::

ዋና ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ



ናይ ትካል MOAS ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ዱሮን




ትካል DDA: ተወሳኺ ናይ መሐበሪ ሰነዳት ኣብ ምንዳይ ኢዩ ዘሎ:: ብጀካ እተን ሓሙሽተ ብዘይመንግስታውያን ማሕበራት ዝውንና መራኽብ: ናይ ስፐይን ናብ'ቲ ከባቢ ምንቅስቓስን: ኣብ ማልታ ናይ MOAS ኣሰራርሓ: ብንጹር ኣኽባር ሕጊ ናይ ሲሲሊያ ወደብ ከተማ ካታንያ ዝኾነ: ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro) ይቕጽል:- "ሓደ ሓደ መኸወሊ ነቲ እከይ ተግባራት ዝኸውን: ጽቡቕ ዝመስል ነገር ኣሎ:: እቲ ሓቂ ግን ኣብ ሊብያ ዘለዉ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ: ምስ'ዘን ብስም ድሕነት ሰብኣዊ መሰላትን: ገበርቲ ሰናይን ዝበሃላ ትካላት ርክብ ጥራይ ዘይኮነ: ወግዓዊ ኣፍልጦን ርክብን ዘለወን ኣለዋ:: ነዚ ሰነዳዊ መረጋገጺ ክንጥቀመሉ እንተኽእልና ኸኣ: እኹል መርትዖታት ኣለና:: እቶም ዝግበሩ ናይ ስልኪ ጻዊዒታት: ብድምጺ ዝረኸብናዮም ኣለዉ:: ገለ መንግስታት 'ውን ከረክባና ዘይከኣላ ኣለዋ:: ዋላ ምስተን ናይ ግብረ ሰናይ መራኽብ ዝበሃላ ጥራይ ዘይኮነ: ምስተን ብሰማይ ዝበራ ዝነበራ ነፈርትን ዝካየድ ርክባትን: ምስተን ድሮናት ዝግበር ዝነበረ ናይ ታች ምንቅስቓስ እኹል ሰነድ ኢዩ ንዓና:: እዚ ሰነድ እዚ: ኣብ 2017 ምስ ዘጋጥም ዘሎ ሓደጋታት ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል MOAS መርከብ ፌኒክስ: ናይ ጥልያን ሚስጢራዊ ዝርዝር ኣገልግሎታትን ሰነዳትን ቀሊል መርትዖ ኣይኮነን ይብል:- ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ Carmelo Zuccoro)::

ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ Carmelo Zuccoro): ዓይኒ ኣቶኩረኡ ናብ MOAS መርከብ ፌኒክስ ኢዩ ገይሩ ዘሎ:: ንምኳኑ MOAS መን ኢዩ? ዙካሮ ብደቂቕ ንኸጽናዕ ኢሉ ዝወሰኖ ቅድመ መርመራ ኢዩ ነይሩ::

ክሪስቶፈር ፓውል ካትራምቦነ



ክሪስቶፈር ፓውል ካትራምቦነ



ክሪስቶፈር ፓውል ካትራምቦነ Christopher Paul Catrambone: ወትሃደር ኣመሪካ ዝነበረ መኮነን ኢዩ:: ክሪስቶፈር ምስ በዓልቲ ቤቱ ረጂና ኤግል ካትራምቦነ Regina Egle Catrambone: ሓደ ዝተወደአ መጽናዕቲ ኢዩ ዝወሃቦ ዘሎ:: ክሪስቶፈር ቅድሚ እዚ ተዳልዩሉ ዘሎ መጽናዕታዊ ስራሕ ምርካቡ: ኣቐዲሙ ናይ'ቲ ብስም ጸሊም ማይ ባሕሪ Blackwater: ጥሮታ ብዝወጹን: ብድልየቶም ናይ ዝተሰናበቱን ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ነበር ኣብ 1997 ዝተመስረተ: ኣብ 2011 ከኣ: ምሉእ መሳለጥያ ድሕሪ ምርካቡ: ብዓበይቲ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ናይ ዝተወነነ: ኣብ ማክሊን ቨርጂንያ ኣሜሪካ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ዝደኮነ ናይ ቅንጸላን ዕልዋን ሽበራን ጉጅለ ኣባል ዝኾነ ክሪስቶፈር ፓውል ካትራምቦነ Christopher Paul Catrambone: ሓደ ካብቶም ኣብ ስሪሒት ዒራቕ ዝተሳተፉ ኢዩ ነይሩ:: ሓደ ኣባል ጸሊም ማይ ባሕሪ Blackwater: ብኽራይ: ወይ ብኮንትራት ስራሕ ዝቖጽር ኮይኑ: ገምጋም ዝተሓተ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ደሞዝ: ንመዓልቲ $600.00 (ሽዱሽተ ሚእቲ ዶላር)

ረጂና ኤግል ካትራምቦነ ክሪስቶፌር ፓውል ካትራምቦነ ረጂና ምስ ጓሎም





ዝኸፈል ኮይኑ: ኣካያዲ ስራሕ ንመዓልቲ $1.075.00 (ሓደ ሽሕን ሰብዓን ሓሙሽተን ዶላር): ኣመሓደርቲ ኮይኖም ዝቖጸሩ ንመዓልቲ:- $945.00 (ትሽዓተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን ዶላር): ንኦፐረይተራትን ናይ መዓልቲ ተራ ተቖጸርትን: $815.00 (ሸሞንተ ሚእትን ዓሰርተው ሓሙሽተን) ክፈሉ ኢዩ ዘሰርሕ ትካል ጸሊም ማይ ባሕሪ Blackwater:: ቅዳሕ ዝስዕብ ሓበሬታ ተመልከት:-
abrorasito.wordpress.com/tag/linya
aurorasito.wordpress.com/s=Christopher+Catrambone

ባንዴራ ብሌዝ ኣርማ ባንዴራ MOAS



ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro): ንጉዳይ ምስግጋር ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ብባሕሪ ሜዲትራንያን ንምጽራይ: ጌና መርመራኡ ኣብ ልዕሊ መስራቲ ማሕበር ገባር ሰናይ ድሕነት ስደተኛታት ባሕሪ ሜድትራንያን MOAS: ክሪስቶፌር ፓውል ካትራምቦነ Christopher Paul Catrambone ሕጋዊ መርመራ ከካይድ ክምድብ እንክሎ: ነቲ ትካል MOAS መርከብ ፊኔክስ ተንበልብሎ ኣርማ ባንዴራ ናይ ብሌዝ ዝኸፈሎ ክራይ ገንዘብን ዝፍጸሞ ተሓታትነት ገበናውነቱ ድሕሪ ምጽራዩ: ስዒቡ ዝተኸተሎ ኣገባብ እንትነይሩ ቅድሚ ምርግጋጽ ዋንነት ትካል MOAS: መበገሲ ዋሕዚ ስደተኛታት ባሕሪ ሜዲትራንያን ቀዳሞት ኣበገስቲን ኣካየድቲን ምንዳይ ኢዩ ነይሩ:: ናይ መጀመርያ ኣቶኩሮኡ ናብ 2003 ንድሕሪት ተመሊሱ ክፍትሽ ኢዩ መዲቡ:: መረጋገጺ ሰነድ ባንደራ ብሌዝ ቅዳሕ ሓበሬታ ተመልከት:- en.wikipedia.org/wiki/Flag_of_Belize

ብሪጋደር ጀነራል ማርቲን ጽወረብ







ናይ ትካል MOAS መርከብ ፊኒክስ ናይ ምምሕዳር ኪኢላ ሓላፊ ኢዩ:: ማርቲን ጽወረብ Martin G. Xureb ይብሃል:: ኣብ ጥሪ 2 1968 ኣብ ከተማ ቫለታ ማልታ ዝተወልደ ማርቲን ጽውረብ Martin G. Xureb: ካብ 1988 ክሳብ 2013 ኣብ ሰራዊት ማልታ BULLETTIN BOARD ARMED FORCES OF MALTA ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል

ብ.ጀ. ማርቲን ጽወረብ ምስ ኣድሚራል ሳሙኤል ጀይ ሎክሌር





ማልታ ኮይኑ ዘገልገለ: ክሳብ ብሪጋዴር ጀነራል ማዕርግ ዝበጽሐ ኢዩ ማርቲን ጽውረብ:: ብሪጋዴር ጀነራል ማርቲን ጽውረብ Brigadier General Martin G. Xuereb: ቅድሚ ማልታ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ምዃና: ተወካሊ ወትሃደራዊ ስለያ እታ ሃገር ብምዃን ኣብ ብራስል ዝሰርሐ ብሪጋደር ጀነራል ማርቲን ጽውረብ: ድሕሪ ማልታ ኣባልነታ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ምርግጋጽ:

ካብ 2004 ክሳብ 2006: ናይ'ቲ ሕብረት ወትሃደራዊ ማእከል ምኽትል ተወካሊ ኮይኑ ዝሰርሐ ብሪጋደር ጀነራል ማርቲን ጽውረብ: ኣብ 2007 ምኽትል ኣዛዚ ናይ'ቲ ብሕብረት ኤውሮጳ ዝቖመ ሰራዊት ኮይኑ ዝሰርሐ ብሪጋደር ጀነራል ማርቲን ጽውረብ: ቅድሚ ካብ ሰራዊት ማልታ ምስንባቱ: ምስ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እዚ ሓይሊ ባሕሪ ፓስፊክን እዚ ኤፓልን ዝኾነ: ኣድሚራል ሳሙኤል ጆይ ሎክሌር Admiral Samuel J. Locklear ድሕሪ ምርኻቡ: ኣብ 2013 ብድልየቱ ካብ ሰራዊት ማልታ ተሰናቢቱ: ብቐጥታ ኣባል ናይ'ቲ ብስም ጸሊም ማይ ባሕሪ Blackwater ዝፍለጥ: ብጆርጅ ሶሮስን ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓን ዝውነነ ውልቀ ወትሃደራዊ ሓይሊ ብምዃን: ናይ ትካል MOAS መርከብ ፊኒክስ ናይ ምምሕዳርን ትግባረን ሓላፊ ኢዩ ብሪጋዴር ጀነራል ማርቲን ጽውረብ Brigadier General Martin G. Xuereb:: ቅዳሕ ሓበሬታ ተመልከት:-
eusom.mil/media-libray/photo/22913/adm-samuel-j-locklear-iii-maltese-brig-gen-martin-xuereb-speak-with-vanes
alchetron.com/Martin-Xuereb_916981-w

## ጆርጅ ሶሮስ ምስ ሄላሪ ክሊንተን




ትካል ማሕበር ገባር ሰናይ ድሕነት ስደተኛታት ባሕሪ ሜድትራንያን MOAS መርከብ ፊነክስ: ወርሓዊ $2.9 ሚልዮን ኤውሮ (ክልተ ሚልዮንን ትሽዓተ ሚእቲ ሽሕን ኤውሮ) ወጻኢ ብምግባር: ፖለቲካዊ ረብሓታቶምን ቁጠባዊ ረብሓን ዝረኽብሉ ቀንዲ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ: እቶም ብድሕሪት ኮይኖም ዝውንንዎን ዘካይድዎም ሄላሪ ክሊንተንን ጆርጅ ሶሮን ኢዮም:: ነዚ ሕመረት እዚ ዘረጋገጸ ናይ ካታንያ ዋና ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro): መርትዖ ክኾንዎ ዝኽእሉ ሰነዳትን: ናይ ሰባት ዝርዝራትን ካብ ምልቓም ኣየዕረፈን ዘሎ::

## ጆርጅ ሶርስን ኣንጻሩ ተቓውሞን






ሚኒስተር ፍትሒ ኣንድራ ኦርናልዶ

ፖላንዳዊ መቦቀል ዘለዎ ኣሜሪካዊ ጆርጅ ሶሮስ: ነቲ ኣብ መጀመርታ እታው ሪብዒ ዓመት 2016 ዝተኸፍተ ፋይል ቅድመ መርመራ ዋና ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro): ብሓይሊ ገንዘብን ፖለቲካዊ ተጽዕኖን ደው ንኽብል ብማለት: ናብ ኤውሮጳ ጉዕዞ ኣብ ዝገበረሉ እዋን: ሚኒስተር ፍትሒ ኢጣልያ ኣንድራ ኦርናልዶ Andera Ornaldo: ኣብ ልዕሊ ትካል ማሕበር ገባር ሰናይ ድሕነት ስደተኛታት ባሕሪ ሜድትራንያን MOAS መርከብ ፊነክስ ተጀሚሩ ዘሎ ቅድመ መርመራ: ዝኾነ መርትዖታት ስለ ዘይብሉ: ብወገና ነቲ መርመራ ደው ኣቢልናዮ ኣለና ብማለት: ኣብ እዋኑ መግለጺ ዝሃበሉ እዋን ዘጋጠመ ገዚፍ ክስተት እንተነይሩ: ብኣንጻር መግለጺ ሚኒስተር ፍትሒ ኢጣልያ ኣንድራ ኦርናልዶ: ብመቦቀል ሃገሩ ፖላንድ ዝጀመረ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ዝለሓመ ሓደ ዓቢ ህዝባዊ ምንዕዓብ ኢዩ ተኻይዱ:: ጆርጅ ሶሮስ ገበነኛ ኢዩ!!! ጆርጅ ሶሮስ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክዳነን ክፍረድን ኣለዎ!!! ዝብል ገዚፍ ህዝባዊ ናዕቢ ኢዩ ተኻይዱ:: ቅዳሕ ሰነድ ጥብቆ ተመልከት:-
barenakedislam.com/2017/08/08/the-jugend-rettet-a-german-ngo-so-called-rescue-boet-that-was-seized-by-italy-is-one-of-many-boats-funded-by-george-soros

ዋና ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro): ካብ'ቲ ዝጀመሮ መስርሕ መርመራ ጌና ደው ኣይበለን ዘሎ:: ንመግለጺ ሚኒስተር ፍትሒ ኢጣልያ ኣንድራ ኦርናልዶ ዘፍሽል ዓበይቲ መርትዖታት ካብ ምቕራብ ንድሕሪት ኣይበለን:: እቲ ዝዓበየ ከውሊ ጉልባብ ስም ትካል ማሕበር ገባር ሰናይ ድሕነት ስደተኛታት ባሕሪ ሜድትራንያን MOAS መርከብ ፊነክስ ሒዙ ዝንቀሳቐስ: ናይ ጥፍኣትን ሞትን ትካል ኣብ ቅድሚ ሕጊ ንምቕራቡ: ደጊሙ ነቲ እቲ ናይ

## ጆርጅ ሶሮስ



ጥፍኣት ጉጅለ ሒዝዎ ዘሎ መደባት ኢዩ ኣቃሊዑ:: ነዚ መርትዖ ዝኾኖ ኸኣ: ነቲ ሓድሽ ውጥን ናይ’ቲ ትካል ማሕበር ገባር ሰናይ ድሕነት ስደተኛታት ባሕሪ ሜድትራንያን MOAS መርከብ ፌነክስ: ኣብ ጉዕዞ ምስግጋር ባሕሪ ሜድትራንያን ዘዳለዎ መደብ ኢዩ ብጭቡጥ ኣቕሪቡ:: ነቲ መደብ ከኣ ምስናይ ዝግበረሉ ወርሓዊ ወጻኢታት ጆርጅ ሶሮስ ኢዩ ሰኒዱ ኣቕሪቡ:: ቅዳሕ ጸብጻብ ሓበሬታ The Globe and Mail መደባት MOAS ዝስዕብ ቅዳሕ ሓበሬታ ተመልከት:-

beta.theglobeandmail.com/news/world/latest-migrant-deaths-a-setback-for-eu-rescue-mission/article229367004/?ref=http://www.theglobeandmail.com&

## ኣኽባር ሕጊ ኣልፍሬዶ ሞርቪሎ



ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro): ኣብ መቕድም ቅድመ መርመራኡ: ንሓደ ሙሴ ዘርኣይ ዝበሃል ኤርትራዊ ኣብ ቀዳማይ ጠመተ ብምእታው: ንመርመራኡ ንድሕሪት ተመሊሱ ሀ ኢሉ ይፍልም ኣሎ:: ክሳብ ፐ ዝበጽሕ ውን ደው ዝብል ኣይኮነን:: ናይ ትራፓኒ ዋና ኣኽባር ሕጊ: ኣልፍሬዶ ሞርቪሎ Alfredo Morvillo: ንድሕሪት ናብ ዓመት 1992 ተመሊሱ ኢዩ ንክሲ ሙሴ ዘርኣይ ከመሳስሎ ዝፍትን ዘሎ: ዋና ኣኽባር ሕጊ ኣልፍሬዶ ሞርቪሎ Alfredo Morvillo: ነዚ ጉዳይ ብሃሰሰ ለባም ኣይኮንኩን ዝፍትሾ ዘለኹ: ሞት ናይ ፍራንሴስካ ሓዋ: ብበዓል ቤታ ኢዩ ተፈጺሙ ነይሩ ኣብ ምቕታል ሓዋ ኢያ ነቲ ቁልፊ ሚስጢር ክትክውሎ መዲባ ነይራ:: ድሒሩ በታ ናይ ትራፓኒ ጉጅለ መርመራ ዝተኻየደላ መስቀላዊ ሕቶታት ኢያ ነቲ ሓቂ ክትርተዓሉ ዝኸኣለት: ኣብ’ዚ ናይ ሙሴ ዘርኣይ ክሲ እኹል መርትዖ ኢየ ረኺበ ዘለኹ:: ሙሴ ምስ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ Traffickers ምትእስሳር ከም ዘለዎ ሓባሪ ሰነዳት ኣለና:: እቶም ኣድሕኑና ኢሎም ጻዊዒት ቴሌፎን ዝሰዱ: ብሸርፊ ንሓደ ሰብ $1500 ዶላር (ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዶላር) ገምጋም ክፈሊት ኣለዎም:: ኪኖ እዚ ፖለቲካዊ ቅማሬ ኢዩ ዘለዎ ዝብል መደምደምታ ኢዩ በጺሑ ዘሎ:: Jugend Rettet INVENTA ጀንድ ረት ኢንቨንታ ዋና ኣኽባር ሕጊ: ኣልፍሬዶ ሞርቪሎ Alfredo Morvillo: ኣብ ክሊ መስመር መዝገብ ክሱ ኣቐሚጥዋ ዘሎ ኢዩ ንሱ ዝርዝራቱ ከቕርብ እንከሎ ብመርትዖታት ኣሰንዩ ውሽጣዊ መዝገብ ሰነዳታ ኢዩ ኣስፊሩ

| | | | |
|---|---|---|---|
| IMO | 5222345 | Gross Tonnage | 184 |
| MMSI | 244870962 | Deadweight: | |
| Call Sign | PD2609 | Length Overall x Breadth Extreme: | |
| Flag | Netherlands {NL} | | 33m x 6.7m |
| AIS Vessel Type | Other | Year Built | 1962 |
| | | Status | Active |

ብዘይካ እቲ ብጉጅለ ጆርጅ ሶሮስ ዝግበር ናይ ዋንነት ወጻኢታት: ብወፈያ ግብረ ሰናይ ካብ ህዝብታት ዓለምን ተደናገጽቲ ወገናትን ዝግበር እታው ከኣ: ኣብ’ዚ ዝስዕብ ሕሳብ ባንክ ከም ዝኣቱ ዘረጋገጸ ዋና ኣኽባር ሕጊ: ኣልፍሬዶ ሞርቪሎ Alfredo Morvillo: ነቲ እትዋን ሕሳብ ገንዘብ ከይንቀሳቐስ ኢዩ ኣጊድዎ ዘሎ::

| | |
|---|---|
| Beneficiary:- | JUGEND RETTET e.V. |
| Account number:- | 0190465743 |
| IBAN:- | BE28 100500000190465743 |
| BIC:- | BELADEBEXXX |
| Bank:- | Berliner Sparkasse |




ቻርሎታ ሳሚ



ኣብ ጠነግ ሰኪዒት መርበባት ሓበሬታ በቶም ተቓወምቲ ኢና ዝብሉ ዝቐርብ ዘሎ ጸብጻባት: ካብ'ቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ስርዓት ንምኽዋልን: ምህዳም ኣዴታትን ህጻናትን ከይተረፈ: ካብ'ታ ሃገር ናብ ስደት ይውሕዙ ኣለዉ ክብሉ እንከለዉ: ነቲ ብመንገዲ ምምሕዳር ፕረዚደንት ኦባማ: "ኤርትራውያን ሃገሮም ለቒቖም ናብ ስደት ከምርሑ ንዝተገብረ ጻዊዒት ግን: ኣይጠቕስዎን ኢዮም::" ስለ ዝኾነ ኸኣ: ሕጂ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ዘሎ ግዜ: ሶርያውያንን ኤርትራውያንን ሶማላውያንን ዝርከብዎም ስደተኛታት ናብ ኤውሮጳ ኣብ ምስጋር ይርከቡ ኣለዉ:: ካብዚኦም ሰገርቲ እቶም 150 ኤርትራውያን ኢዮም ክትብል ወሃቢት ቃል ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት UNHCR ቻርሎታ ሳሚ Carlotta Sami ገሊጻ:: ንምኻኑ ወሃቢት ቃል  ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት UNHCR ቻርሎታ ሳሚ Carlotta Sami: ነዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ቅድሚ ምብጋሶም: ቁጽሪ ብዝሓም ብኣሃዝ 150 ኢላ ኢያ ኣቕሪባ:: ነዚ ንምርጓድ ተባሂሉ 'ውን: ኣብታ እትብገስ ዘላ መርከብ: ሓንሳብ' ውን ጀልባ ተባሂላ ትግለጽ ሳንቡቕ ዝነበረት መጎዓዓዚት: ካብ ዝተፈላለያ 20 ሃገራት ዝመጹ ዜጋታት ኣለዉ ንዝተባህለ: ነጻ ምንጪ ተባሂሉ ዝጠቕሰ ኣንድርያን ኤድዋርዶ Andrian Eduardo መግለጺ: ኣብ'ታ ንኽትመጽእ ኣብ መደብ ዘላ መርከብ: 350 (ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን) ዝኾኑ

ዳን-ኮኔል



ቮልተር ቱርክ




ኤርትራውያን ከም ዘለዉን: ዜጋታት ሶርያን ሶማልን 'ውን ከም ዝርከቡዎም ኢዩ ገሊጹ:: ጋዜጤኛ ዶቸቬለ ስቴፋኒ ዱክትሽ: ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሃገሮም ካብ ዝወርዶም ኣደራዕ ንምግልጋል ኢዮም ዝስደዱ ዘለዉ ክብል: ገዚፍ ሓተታ ኣብ'ቲ እዋን ከቕርብ እንከሎ: መሓዛ ኤርትራ ዝነበረ ኣባል ማወስ ዳን-ኮኔል ከኣ: ኣብ ዘጋርድያን: እዞም ዝስደዱ ዘለዉ: ኣብ ኤርትራ በቲ ኣሰቃቒ ኣተሓሕዛ ኣብ ባዶ መሬት ህይወትና ካብ እንጠፍእ: ሙሟትና ዘይተርፈና ምናልባት ብዕድል ህይወትና እንተኣድሓና ብማለት ኢዮም: በዚ ንጥፍኣት ዝዕድም ኣሰቃቒ ጉዕዞ ስደት ዝመጹ ዘለዉ ክብል ኢዩ ዘጎሃህር:: ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተጸዋዒ ስደተኛታት: ናይ ድሕነት ሓላፊ ቮልከር ቱርክ Volker Turk: እቶም በዚ ኣሸጋሪ ዝኾነ ጉዕዞ ባሕሪ ሜድትራንያን ዝመጹ ዘለዉ ስደተኛታት: 51% ኤርትራውያን ኢዮም: እዚኦም ከኣ ኣዝዩ ናይ ደገ ሓገዝ ምትእትታው ዘድልዮም ኢዮም ክብል ኢዩ: ነተን ናይ ብግዳም ኮይነን ዝሰርሓ ብስም ግብረ ሰናይ ዝጽውዓ ማሕበራት ክፉት ኣፍ-ኣደገ ዝኸፈተ:: ምንጪ ናይ'ዚ ኹሉ ሓበሬታ ካበይ ኮን ነይሩ ይኸውን? ክምለስ ዝነበሮ ሕቶ ኢዩ ነይሩ:: ናይ ካታንያ ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro): ኣብተን መራኽብ ዝግበር ጉዕዞ ሶርያውን ሶማላውያን ደቂ ሴራልዮን ማሊ ሰኔጋል ጋምብያ ኣይቮሪኮስትን ኢትዮጵያን እንዳሃለዉ እንከለዉ: ኣብ ነፍስ-ወከፍ ዝግበር ዘይሕጋዊ ምስግጋር: ቁጽሪ ስደተኛታት ኤርትራውያን ካብ ናይ ካልኦት ስደተኛታት ተነጺሩ ምቕራቡ: መበገሲ ምንጪ ከጻሪ ቀዳማይ ዕማም መቕድም መርመራኡ ኢዩ ነይሩ:: ናይ ካታንያ ኣኽባር ሕጊ ካርመሎ ዙካሮ (Carmelo Zuccoro): ብመሰረት ዘካየዶ መቕድም መርመራ ኸኣ: ነቲ ምንጪ ቁጽሪ ካብ ኤርትራውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኢና ዝብላ ማሕበራትን: ውልቀ ሰባት ከም ዝተረኽበን: ንሓደ ፍሉይ ዕላማ ዝተኣሳሰረ ምኻኑን ብመርትዖ ኣሰንዩ ኢዩ ዝገልጾ:: ካብ ሓበሻ ኣጋንዝያን ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላትን ጋዜጤኛን ተሓላቒት ሰብኣዊ መሰላትን ምኻኑ ኢዩ ኣረጋጊጽዎ ዘሎ:: ብድቀት ኣነጺሩ ኣብ ሰነድ

መርመራኡ ከስፍሮ እንከሎ ኸኣ: ሙሴ ዘርኣይን: ኤልሳ ጭሩምን: መሮን እስቲፋኖስን ክብል ኢዩ መዝጊብዎ ዘሎ::

እቲ ካፕቴን ናይታ ጃልባ መራኸቢ ስልኪ ኣለዎ:: እቲ ክራኸበሉ ዝድለ ዘሎ ቁጽሪ: ኣቐዲሙ ካብ መን ከም ዝረኸቦ ግን ኣይፈልጥን ኢዩ:: ምስ'ታ ኣብ ኢዱ ዘላ ተሌፎን ኢዩ እቲ ቁጽሪ ተዋሂቡዎ:: ነቲ ወናኒ ናይ'ታ ቁጽሪ ልክዕ ከም ኣቡኡ ኢዩ ዘኽብሮ ዘሎ:: ኣብ ሓጺር ናይ ዝርርብ ግዜ: ንኣባ ሙሴ ዘርኣይ ኣብ ሓደጋ ከም ዘለዉ ኢዩ ሓቢሩዎ:: እቲ ካህን ንሰበ-ስልጣን ጣልያን ይደሊ ከም ዘሎ ኢዩ ዝሓትት ዘሎ:: ሕጂ ነቶም ሓለዋ ባሕሪ ዶብ ኢጣልያ ዘለዉ ረኺብዎም ኣሎ::

ይኹን ድኣ 'ምበር ክሳብ እታ ሰዓት እዚኣ: እቲ ካፕቴን ናይታ ጀልባ: ሄሊኮፕተር መጺኣ ከተድሕኖም ክሓስብ እንከሎ: ነቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ኮምፓስ ኣቐሚጡ: ነታ ናይ ሳተላይት ስልኪ ኣልዒሉ ኢዩ ርክብ ጀሚሩ:: ኣብ'ቲ ርክብ: እቲ ካህን ሕጂ እቶም ዘድሕኑ ኣካላት ክመጹኻ ኢዮም:: ግን: ነታ ሒዝካያ ዘለኻ ሳተላይት ተለፎን: ናብ'ቲ ባሕሪ ደርብያ:: ኣብ ኢድካ ክትጸንሕ የብላን:: ምኽንያቱ ነቲ ስራሕና ዓንቃፊ ስለ ዝኾነ: ከም መርትዖ ከይጥቀምሉ ክብል ኢዩ ፍርሑ ገሊጹለይ:: ቃል ናይ'ቲ ካፕተን ናይታ ጃልባ ኢዩ ነይሩ:: ርክብ ናይ'ቲ ካፕቴን በቲ ሓደ ሸነኽ: ብዛዕባ ሙሴ ዘርኣይ ርክብ ደንደስ ሓለዋ ባሕሪ: ነቶም ካፕቴናት ንምኽዋል ኢዩ ዝግበር ነይሩ:: ካብ'ዚ ግን እቶም ግብረ ሰናይ ማሕበራት ይኹን: ካልኦት እንታይ ኢዮም ዝረብሑ?

ንምኽኑ ሙሴ ዘርኣይ: መን ኢዩ? ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ ነይሩ::

ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ሃገረ ጣልያን ክነብር ዝጸንሐ: ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ነባርነቱ ናብ ስዊዘርላንድ ዝገዓዘ: ኣብ 1975 ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝተወልደ ሙሴ ዘርኣይ: ጌና ወዲ ሓሙሽተ ዓመት እንከሎ ወላዲቱ ብሞት ምስ ተፈልያኦ: ምስ ሓደ ሓውን ሸውዓተ ኣሓቱን ምስ ኣባሓጉኡ ዝዓበየ ሙሴ ዘርኣይ: ጌና ወዲ 16 ዓመት እንከሎ ብገበናዊ ወንጀል ተጠርጢሩ ብፖሊስ ክህደን ምስ ጀመረ ኢዩ: ሃዲሙ ናብ ሃገረ ጣልያን ኣትዩ: ብሓደ እንግሊዛዊ ካቶሊካዊ ቀሺ ተሓጊዙ ኣብ ኢጣልያ ከተማ ሮማ: ናይ መንበሪ ፍቓድ ክረክብ ዝኸኣለ::

ላ ሩሳ መግለጺ እንዳሃበ



ሚ.ም. ነበር ላ ሩሳ ኣብ ሰልፊ ሰራዊት



እዚ ካብ ገበናዊ ተሓታትነት ንኸምልጥ: ናብ ኢጣልያ ዝሰገረ ሙሴ ዘርኣይ:: ኣብ'ቲ ናይ መጀመርያ ዓመታት: ሙሴ ዘርኣይ ኣብ ናይ ፍረታት ኣሕምልቲ ምድላውን: ናይ'ቶም ሓገዝ ዝገበሩሉ ካህን ከም ኣስተርጓሚ ኮይኑ ብምስራሕ: ገለ ጽሑፋት ኣብ ጋዜጣታት የስፍር ነይሩ ኢዩ:: ብፍላይ ከኣ: ንሓደስቲ ስደተኛታት ምምዝጋብን: ኣብ ናይ መንበሪ ወረቓቕቲ ምስላጥን: ናይ ጥዕና ካርድ ኣብ ምውጻእን: ናይ ጥሮታን ግብርን ሰነዳት ኣብ ምትርጓምን ምጽፋፍን ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ: ንሰለስተ ዓመት ዝቐጸለ ስሩዕ ትምህርቲ: ኣብ ፒያቸንዛ ሚስዮን ስኳላብሪንያ ድሕሪ ምቕሳሙ: ናብ'ቲ ናይ'ቲ ትካል ስራሕ ንኽቁጻር ብማለት: ናብ ከተማ ሮማ ኢዩ ኣብ 2003 ተመሊሱ:: ከም'ቲ ዝሓሰቦ ግን ምዱብ ስራሕ ክረክብ ኣይከኣለን:: ገበናዊ ተሓታትነት ካብ ዝባኑ ዘይተላቐቐ ሙሴ ዘርኣይ: ብፖሊስ ከተማ ሮማ ዕጸ ፋርስ (ሓሽሽ) ኣብ ምዝውዋር ክነጥፍ ስለ ዝተረኽበ: ገበነኛ ኮይኑ ድሕሪ ምርካቡ: ብዋና ኣኽባር ሕጊ ተኸሲሱ ን7 (ሸውዓተ ወርሒ) ድሕሪ ምቕያዱ: ብሓልዮት ኣቦ ወንበር ማሕበር ኢትዮ-ኤርትራ ሓበሻውያን ዶክተር ዳኒኤል ጸጋይ ስለ ዝተዋሕሶ: ኣብ እዋኑ ካብ ማእሰርቲ ክወጽእ ኪኢሉ ኢዩ:: ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ምሉእ ሰነዳዊ መርትዖታቱ ብመደብ ክንዝርግሐ ኢና:: ሚኒስተር ምክልኻል ኢጣልያ ዝነበረ





መስራቲ ሰልፊ National Centre-Right ኢግናዝዮ በኒቶ ማርያ ላ ሩሳ Ignazio Benito Maria La Russa: ሕጂ ኣብ መደበር ተለቭጅን ቀሪቡ ከም’ዚ ኢዩ ዝብል ዘሎ:- ’’ሙሴ ዘርኣይ ደቂ ሰባት ዘይኮነ ዘድሕን ነይሩ: ደቂ ሰባት ኢዩ ዝበልዕ ነይሩ:: ሰባት ኢዩ ዘጥፍእ ነይሩ:: ሕጂ ናይ ብሓቂ ካህን እንተኾይኑ: በቲ ዝገበሮ ሓጥያት ክናሳሕ ኢዩ ዘለዎ:: ሙሴ ዘርኣይ ዕሉል ገበነኛ ኢዩ:: ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ኢጣልያን: ምክትታል ዘይሕጋዊ ምስግጋር እኹል መርትዖ ኢዩ ዘለዎም:: እቲ መስርሕ ክሲ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ገጹ ክወርድ ኣለዎ:: ነዚ ኹኣ ኣኺሉ ዝተርፍ መርትዖ ኣሎ:: ደጊም ኤውሮጳ መሕብኢ ጫካ ገበነኛታት ካብ ምኳን ክትሕየብ ኢዩ ዘለዋ::’’ ዝርዝር ኣብ ቀጻሊ መደብና::

2 ይ ክፋል ኣብ ዝቕጽል:-

ግዱሳት ተጸናጸቲ እከይ ውዲታት
gdusattsenatsenti@gmail.com